Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ንናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዘድሊ ሓበሬታ

**ንኹሎም እቶም ኣብ ጀርመን ሃደሽቲ ዝኣተው ኮይኖም ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ንኽሳተፉ መሰልን ግዴታን ዘለዎም ከምኡ'ውን ኣብ ጀርመን ነዊሕ ዝተቐመጡ ወጻእተኛታት ዝምልከት**

**ዝኸበርክንን ዝከበርኩምን ዜጋታት ደቂ ሃገር**

ብኣገባብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ሕጊ (Aufenthaltsgesetz) መሰረት ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ (Integrationskurs) ንምክፋል መሰልን ግዴታን ኣለኩም።

## ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ እንታይ እዩ?

ሓፈሻዊ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ 600 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ዘጠቓለለ ኮይኑ ከምኡ'ውን 45 ሰዓት ናይ መላለዪ ኣስተምህሮ (Orientierungskurs) ዝሓዘለ እዩ። እቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ ነናይ 100 ሰዓታት ዝተመቕለ ዝተፈላለየ ደረጃታት ኣለዎ። እተን ናይ መጀመርታ 300 ሰዓታት መሰረታዊ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ (Basissprachkurs) ክኸውን ከሎ እቲ ካብኡ ቐጺሉ ዘሎ ናይ 300 ሰዓታት ትምህርቲ ድማ ናይ ቋንቋ ምምዕባል (Aufbausprachkurs) ዝግበር ትምህርቲ እዩ።

ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮኹም ንምዝራብን ንምጽሓፍን ከገልግለኩም ዝኽእል ማህደረ-ቃላት ትመሃሩ። እዚ ማለት ምስ ናይ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት ርክብ ምግባር፣ ምስ ጎረባብትኹምን መሳርሕትኹምን ምዝርራብ፣ ደብዳቤታት ምጽሓፍን ከምኡ'ውን ፎርምላታት ንምምላእ ዘኽእለኩም ቋንቋ ትመሃሩ።

እዚ ናይ ምውህሃድ ኣስተምህሮ ብዛዕባ ናብራ ኣብ ጀርመን፣ ኣብዚ ዓዲ ዘሎ ናይ ሕጊ ኹነታትን ባህልን፣ ከምኡ'ውን ናይዛ ዓዲ ናይ ቀረባ ታሪኽን ይሕብር።.

ብተወሳኺ'ውን ፍሉይ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዝወሃብ ኣሎ። እዚ ክበሃል ከሎ ማለት ከም ንደቂ ኣንስትዮ፣ ንወለዲ፣ ንመንእሰያትን ከምኡ'ውን ነቶም ኣንቢቦምን ጺሒፎምን ዘይክእሉ ውልቀሰባት ዝወሃብ ኣስተምህሮ ኣሎ። እዚ ዝውሃብ ኣስተምህሮ 945 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ዘጠቓለለ ኣስተምህሮ እዩ። እንተድኣ እዚ ኣስተምህሮ እዚ ቀልጢፍኩም ወዲእኩሞ ቀጻሊ ጽዑቕን ዓሚቕን ዝኾነ ኣስተምህሮ ንኽትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ 430 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ይውድእ።

ኣየናይ ኣስተምህሮ ንዓኹም ዝሳማማዕ ምዃኑን ኣበየናይ ደረጃ ክትጅምሩ ከምእትኽእሉ ንምፍላጥ እቶም ነቲ ትምህርቲ ዘዳልዉ በዓል መዚ ቅድሚ እቲ ትምህርቲ ምጅማሩ ፈተና የዳልዉ።

## ኣብቲ ናይ መደምደምታ ፈተና ምስታፍ

እቲ ዝግበር ናይ መወዳእታ መርመራ ናይ ቋንቋ ፈተናን ካብቲ ናይ መላለዪ ትምህርቲ ዝግበር ፈተና ዘጠቓለለ እዩ። ኣብቲ ዝግበር ፈተና ብቑዕ ናይ ቋንቋ ጀርመን ክእለት ከምዘለኩም ከተረጋግጹ እንተድኣ ኪኢልኩምን ከምኡ'ውን ነቲ ዝግበር ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ፈተና እንተድኣ ሓሊፍኩም ምስክር ወረቐት (Zertifikat Integrationskurs) ይወሃበኩም።

እንተድኣ እቲ መርመራ ዘይሓለፍኩም ኮይንኩም ግን ኣብቲ ትምህርቲ ከም ዝተሳተፍኩም ዝገልጽን ኣብቲ ፈተና ዝረኸብኩሞ ውጽኢትን ዝገልጽ ሰነድ ይወሃበኩም።

ኣብቲ ዝግበር ናይ መደምደምታ ፈተና ንምስታፍ ዝኽፈል ዋጋ የለን። ብናጻ እዩ።

## ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ትምህርቲ ምስታፍ እንታይ መኽሰብ ኣልዎ?

ናይ ወጻእተኛታት ዜጋ ዘለዎም እሞ ካብ ሓንቲ ኣብ ናይ ኦይሮጳ ማሕበር ኣባል ዘይኮነት ሃገር ዝመጹ እንተድኣ ኮይኖም፣ ኣብ ጀርመን ንዘይተወሰነ ጊዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንኽዋሃቦም ሓደ ሓደ ቅድመ ኹነት ከማልኡ

KNr. 630.036b BAMF 02/2009 Tigrinya

ኣለዎም። ካብቲ ከማልእዎ ዘለዎም ጠለባት ንምጥቃስ፣ ናይ ጀርመን ቋንቋ ብቑዕ ፍልጠት ምህላው ከምኡ'ውን ናይ ጀርመን ሕጊ፣ ናይ ሕብረተሰብኣዊ ቅርጺን ናይ ናብራ ኹነታት ክፈልጡ ኣለዎም። ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዕውት ተሳትፎ ምግባር ማለት እዚ ዝተገልጸ ቅድመ ኹነት ተማሊኡ ኣሎ ማለት እዩ። ብተውሳኺ ድማ ምናልባት ኣቀዲምካ ናይ ጀርመን ዜግነት ናይ ምውሳድ ዕድል ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዝቐሰምኩሞ ናይ ቋንቋ ክእለት፡ ኣብቲ መዓልታዊ መነባብሮኹም የቃልልልኩምን ከምኡ'ውን ሥራሕ ናይ ምርካብ ዘለኩም ዕድል ዝለዓለ ይኸውን ማለት እዩ።

ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ምምዝጋብ

እንተድኣ ኣብዚ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንኽትሳተፉ መሰል ወይከኣ ግዴታ ኣለኩም ኮይኑ፣ ካብቲ ዝምልከቶ ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈት (Ausländerbehörde) ወይ ከኣ ካብቲ ናይ ሥራሕ ኣልቦነት ዝወሃብ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት (Arbeitslosengeld II) ብጽሑፍ መልክዕ ሓደ ንምስታፍ ዘብቕዕ መረጋገጺ ሰነድ (Berechtigungsschein) ይወሃበኩም። ከምኡ'ውን ኣብቲ እትነብሩሉ ከባቢ ከምዚ ዓይነት ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዘዳልዋ ቤት ጽሕፈታት ኣስማት ዝርዝር ዘለዎ ጽሑፍ ይወሃበኩም።

ኣብቲ ንምስታፍ ዘብቕዕ መረጋገጺ ሰነድ ካብ መዓስ ስጋብ መዓስ ንምስታፍ ከምዘገልግል ዉሱን ዕለት ኣለዎ። እንተደንጎየ ስጋብ እቲ ኣብቲ ሰነድ ተመልኪቱ ዘሎ ዕለት ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንምክፋል ኣብ ሓደ ካብተን ነዚ ትምህርቲ እዚ ዘዳልዋ ቤት ጽሕፈታት ክትምዝገቡ ትክእሉ ወይ ትግደዱ። ስለዚ ብኽብረትኩም ብእዋኑ ተመዝጊብኩም ነቲ ዝተዋህበኩም ናይ መሳተፊ መረጋገጺ ሰነድ ነቲ ዝምልከቶ ኣዳላዊ ቤት ጽሕፈት ኣረክብዎ።

እቲ ናይቲ ትምህርቲ ኣዳላዊ ቤት ጽሕፈት ኣቐዲሙ እቲ ትምህርቲ ዝጅምረሉ ዕለት ክነግረኩም ኣለዎ። እቲ ትምህርቲ ዝጅምረሉ ዕለት ካብቲ ዝተመዝገብኩምሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ክጅምር ኣለዎ። እንተድኣ እቲ ትምህርቲ ኣብዚ ጊዜ እዚ ዘይጅመር ኮይኑ እቲ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ክሕብረኩም ኣለዎ። ድሕሪኡ ክትጽበዩ ትደልዩ እንተኾይንኩም ትጽበዩ እንተድኣ ክትጽበዩ ዘይትደልዩ ኮይንኩም ግን ኣብ ካልእ ከምዚ ኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽሕፈት ንምምዝጋብ ናይ ባዕልኹም ውሳኔ ትገብሩ። ኣብ ከምዚ ኹነታት እዚ እቲ ኣዳላዊ ቤት ጽሕፈት ነቲ ዘረኸብኩሞ ናይ መሳተፊ መረጋገጺ ሰነድ ክመልሰልኩም ኣለዎ።

ስነ ስርዓት ተሳትፎ ኣብ ትምህርቲ

ኣብቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ክብጻሕ ዝተደልየ ዕላማ ንምብጻሕ ኣብቲ ትምህርቲ ስነ ስርዓት ዝመልአ ተሳትፎ የድሊ። እዚ ክበሃል ከሎ ድማ ኣብቲ ዝግበር ትምህርቲ ብዘይምቁራጽ ክትሳተፉ ከም ዘለኩምን ኣብቲ ኣብ መወዳእታ ዝግበር ናይ መደምደምታ ፈተና ድማ ክትካፈሉ ኣለኩም። ከምዚ ስነ ስርዓት ዝመልኦ ተሳትፎ እዚ ንነብስኹም እውን ጠቓሚ እዩ ማለት ንመጎዓዓዚ ዘድሊ ገንዘብ ንምውሳድ ምስዝድለ ወይ ከኣ ኣብቲ ዝግበር ቀጻሊ ናይ ቋንቋ ምምሕያሽ ትምህርቲ ክትደግሙ እንተድሊኹም ዓቢ ረቛሒነት ኣለዎ። እንተድኣ ደሊኹም ነቲ ኣዳላዊ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ስነ ስርዓት ዝመልኦ ተሳትፎ ከም ዝገበርኩም ዝገልጽ ጽሑፍ ክዳልወልኩም ክትውክስዎ ትኽእሉ።

ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንምስታፍ ዝኽፈል ገንዘብ

ነቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ኣስተምህሮ ናይ ምክፋልኩም ዋጋ 1 ኦይሮ ንሓደ ናይ ትምህርቲ ሰዓት ክትከፍሉ ኣለኩም። እዚ ክኽፈል ዘለዎ ዋጋ ኣቐዲሙ 100 ናይ ትምህርቲ ሰዓታትን ቅድሚ እቲ ነፍሲ ወከፍ ናይ ኣስተምህሮ ደረጃ ምጅማሩን ቅድሚ እቲ ናይ መላለዪ ኣስተምህሮ ምጅማሩን ክኽፈል ኣለዎ። እንተድኣ ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ዘይተኻፈልኩም ኮይንኩም ናይቲ ዘይተኻፈልኩሞ ሰዓታት ዋጋ ክምለሰልኩም ኣይክእልን እዩ። እንተድኣ ናይ ባዕልኹም ደሞዝ ዘይብልኩም ኮይኑ እቲ ንመነባብሮኹም ዝኸፍለልኩም ውልቀሰብ ነዚ ዝኽፈል ገንዘብ ክኸፍለልኩም ግዴታ ኣለዎ።

እንተድኣ ደሞዝኩም ውሑድ ኮይኑ እሞ ነቲ ዋጋ ንኽትከፍልዎ ኣዝዩ ዘሸግረኩም ኮይኑ እቲ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ካብ ምኽፋል ናጻ ክብለኩም ይኽእል እዩ። እንተድኣ ካብ ምኽፋል ናጻ ክትባሃሉ ኮይንኩም ኣብቲ እትነብሩሉ ዞባ ዘሎ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት (ዝርዝር ኣድራሻታት ተመልከት) ብጽሑፍ መልክዕ

ከተመልክቱ ኣለኩም። ናይቲ ናጻ ከብለኩም ዝኽእል መረጋገጺ ሰነድ (ቅዳሕ ናይቲ ሰነድ) ከኣ ኣተሓሒዝኩም ለኣኹ። እቲ እተቅርብዎ ምልክታ እንተደግጎየ ኣበቲ ነቲ ኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽሕፈት እትምዝገቡሉ እዋን ከተቕርብዎ ኣለኩም።

እንተድኣ ናይ ሥራሕ ኣልቦነት ገንዘብ ሓገዝ (Arbeitslosengeld II) ይወሃበኩም ኮይኑ እሞ እቲ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንኽትካፈሉ ዘገደደኩም ኮይኑ ካብ ናይ ምኽፋል ዘለኩም ግዴታ ብቕጽበት ናጻ ትኾኑ። ኣብ ከምዚ ኹነታት ናብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ምልክታ ምቕራብ ኣየድልየኩምን እዩ። እንተድኣ ቀጻሊ ናይ ሥራሕ ኣልቦነት ገንዘብ ሓገዝ (Arbeislosengeld II) ዘይትወስዱ ኮይንኩም ነቲ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ከተፍልጥዎ ኣለኩም።

## እቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ናይ ምምላስ ዝምልከት ጉዳይ

እንተድኣ ድሕሪ ዕለት 08.12.2007 ኣብ ናይ መደምደምታ ፈተና ተኻፊልኩም ዕዉት ውጽኢት ኣምጺእኹም፣ እቲ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት 50% ናይቲ ዝኸፈልኩሞ ገንዘብ ክምለሰልኩም ይኽእል እዩ። እዚ ክኸውን ከሎ ግን ኣብ ሞንጎ እቲ ንምክፋል ዝኽእለኩም ፍቃድ ዝገልጽ ሰንድ ዘውጽኣኹምሉ ዕለትን እቲ ናይ መደምደምታ ፈተና ዝተኻፈልኩምሉ ዕለት ካብ ክልተ ዓመት ዘይበዝሕ ፍልልይ ምስ ዝህልዎ ጥራሕ እዩ። ስለዚ እቲ ዝኸፈልክሞ ገንዘብ ንኽምለሰልኩም ኣብቲ እትነብሩሉ ዞባ ንዝርከብ ዝምልከቶ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ምልክታ ከተቕርቡ ኣለኩም።

## ንመጎዓዓዚ ዝኽፈል ዋጋ

እቲ ንመጎዓዓዚ ዝኸፈልኩሞ ገንዘብ ክምለሰልኩም ዝኽእል ነቲ ዝኽፈል ዋጋ ካብ ምኽፋል ናጻ ተባሂልኩም እንተኾይንኩም ወይ ከኣ እንተድኣ ናይ ሥራሕ ኣልቦነት ሓገዝ (Arbeitslosengeld II) ትቕበሉ ኮይንኩም እሞ በቲ ነዚ ሓገዝ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ናብዚ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንምክፋል ተገዲድኩም እንተኾይንኩም እዩ። እንተድኣ ብኣገባብ ንወጻእተኛ ዝምልከት ቤት ጽሕፈት ንኽትካፈሉ ተገዲድኩም ኮይንኩም ድማ ከከም ኣድላይነቱ ናይ መጎዓዓዚ ዋጋ ሓገዝ ክዋሃበኩም ይኽእል እዩ።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ምልክታ ናይቲ ዝኽፈል ናይ መግዓዓዝያ ዋጋ ብቑዕ ምኽንያት ብምቕራብ ኣብ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ከተመልክቱ ናይ ግድን እዩ። ብመሰረቱ ናይ መጎዓዓዝያ ዋጋ ክኽፈል ዝኽእል ኣብቲ ናይ ኣስተምህሮ ትምህርቲ ብዘይምቁራጽ ምስእትካፈሉ ጥራሕ እዩ።

## ኣብቲ ናይ መሰረታዊ ቋንቋ ትምህርቲ ደጊምካ ናይ ምምሃር ዝምልከት

እንተድኣ ኣብቲ ናይ ቋንቋ ፈተና ብቑዕ ዝኾነ ውጽኢት ዘየምጻእኹም ኮይንኩም ን 300 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ነቲ መሰረታዊ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ (Aufbausprachkurs) ንኽትደግሙ ዕድል ይወሃበኩም። እዚ ክኸውን ዝኽእል ግን እንተአድኣ ኣብቲ ዝግበር ኣስተምህሮ ብዘይ ምቁራጽ ምስ እትካፈሉን ፈተና ድማ ምስ እትገብሩን ጥራሕ እዩ።

እንተድኣ እቲ መሰረታዊ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ደጊምኩም እቲ ድሕሪኡ ዝግበር ፈተና ንምክፋል ዝኽፈል ገንዘብ የለን።

እንተድኣ ነቲ መሰረታዊ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክትደግሙ ደሊኹም ኣብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ምልክታ ከትቕርቡ ኣለኩም።

## ንምስታፍ ግዴታ ምስ ዝህሉ ዘድሊ ሓበሬታ

እንተድኣ ብኣገባብ ንወጻእተኛ ዝምልከት ቤት ጽሕፈት ወይ ከኣ በቲ ዝምልከቶ ናይ ሥራሕ ኣልቦነት ሓገዝ (Arbeitslosengeld II) ዝህብ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንኽትካፈሉ ተገዲድኩም ኮይንኩም ብዝቐልጠፈ ጊዜ ኣብቲ ነቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዘዳልው ቤት ጽሕፈት ተመዝጊብኩም ብስነ ስርዓት ድማ ኣብቲ ትምህርቲ ክትካፈሉ ኣለኩም።

እዚ ምስዘይትገብሩ ግን እዚ ቀጺሉ ተዘርዚሩ ዘሎ ሳዕቤናት ክጋጥመኩም ይኽእል፡

- ኣብቲ ናይ መንበሪ ፍቓድኩም ናይ ምንዋሕ ዝግበር ኹነታት ጽልዋታት ክህልዎ ይኽእል
- እንተድኣ ናይ መንግስታዊ ሓገዝ ትወስዱ ኮይንኩም ካብቲ እትወስድዎ ብዝሒ ሓገዝ ክቕንስ ይኽእል

- ካብቲ ዝምልከቶ ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈት ናይቲ ዝግበር ኣስተምህሮ ዋጋ ብሕሳብ 1 ኦይሮ ንሓደ ናይ ትምህርቲ ሰዓት ናይቲ ኩሉ ትምህርቲ ሰዓታት ሕሳብ ኣቐዲምኩም ብሓንሳብ ንኽትከፍልዎ ክትግደዱ ትኽእሉ።.
- ናይ መቕጻዕቲ ገንዘብ ንኽትከፍሉ ትእዛዝ ክተሓላለፍ ይኽእል

እንተድኣ ኣብቲ ትምህርቲ ብስነ ስርዓት ዘይትካፈሉ ኮይንኩም እቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽሕፈት ነቲ ዝምልከቶ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ማለት ንናይ ወጻእትኛታት ቤት ጽሕፈት (Ausländerbehörde) ወይ ከኣ ነቲ ናይ ሥራሕ ኣልቦነት ሓገዝ (Arbeitslosengeld II) ዝህብ ቤት ጽሕፈት ሓበሬታ ንኸታሓላልፍ ይግደድ።

ካብዚ ዝተጠቐሰ ካልእ ክትፈልጥዎ ዘድልየኩም ሓበሬታ

⇒ ኩሉ ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ዝተጠቕሰ ዘድሊ ፎርምላታት ኩሉ ካብቲ ነቲ ኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽሕፈት ወይ ከኣ ካብ ናይ ወጻእትኛታት ቤት ጽሕፈት ወይ ካብቲ ንዓኹም ዝምልከት ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ክትረኽብዎ ትክእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ'ውን ኣብዚ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ [www.integration-in-detuschland.de](http://www.integration-in-detuschland.de) ክትረኽብዎ ትኽእሉ።

ብኽብረትኩም እቲ ንልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ወጻእተኛታት ሓበሬታ ዝህብ ቤት ጽሕፈት (MEB) ከምኡ'ውን ንወጻእተኛታት መንእሰያት ናይ ሓበሬታ ኣገልግሎት ዝህብ ቤት ጽሕፈት ዝህቦ ሓበሬታት ተመልከቱ። እዘን ቤት ጽሕፈታት እዝኤን ምልክታ ከተቕርቡ ከለኹም ይተሓባበሩኹም፣ ሕቶታት እንድሕር ኣለኩም ኣብ ሽግርኩም ይተሓባብርኹም፣ ከምኡውን ንዓኹም ዝማጣጠን ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንኽትረኽቡ ይደልዩልኩም። ኣብ እትነብሩሉ ከባቢ ኣብየናይ ቦታ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ከምዝግበር ንምፍላጥ ካብቲ ንዓኹም ዝምልከቶ ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈት (Ausländerbehörde) ወይ ከኣ ካብቲ ዞባዊ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ወይ ከኣ ኣብ ኢንተርነት [www.integration-in-detuschland.de](http://www.integration-in-detuschland.de) ክትረኽብዎ ትኽእሉ።